# ብቕዓታትካ ኣለልይ

ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ እንተሎካ: እሞ ንተመኩሮታት ሞያዊ ናብራኻ ኣብ ሽወደን ብኸመይ ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል ክትፈልጥ'ዶ ትደልይ፤

ርእሰ-ግምገማ ብምግባር: ኣብቲ ሞያ እንታይ ከም ዚጥለብ ሓፈሻዊ ስእሊ ኪህልወካ ይኽእል'ዩ።

ነዚ ርእሰ-ግምገማ'ዚ: ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሽወደን ካብ ዚርከቡ ዓይነታት ሞያ ዚምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ኢኻ ኸኣ እትፍጽሞ። እቲ ዚስዕብ ምላሽ: ከም መመርኮሲ ክትጥቀመሉ'ዩ እቲ ሓሳብ፤ ምስ መራኸቢ ስራሕ ዝርርብ ብምግባር ከኣ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ምላሽ: ካብቶም ዚሰማምዑኻ ዕድላት ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ንምምራጽ: ንዓኻን ንቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕን ዕማም የቃልለልኩም። ከመይ ጌርካ ብቕዓታትካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል፤ ብኸመይ ከም ትቕጽል ሓበሬታ ክትረክብ፤ ትምህርትኻ ክትዛዝም፤ ስራሕ ተልመደን ክትፍትን ወይ ብቕዓትካ ክተርጥብ (validering) ምናልባት ደገፍ የድልየካ ይኸውን።.

እዞም ኣብዚ ርእሰ-ግምገማ ዘለዉ ሕቶታት: ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ሽወደን ዚቐርቡ ጠለባት ዝተመስረቱ'ዮም። እቲ ምላሽ ከኣ: ኣብቲ ሞያ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ኩሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣቱ። ንብቕዓታትካ እትመዝን ከኣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ።

## ብቕዓታትካ ንምልላይ: ነዞም ዚስዕቡ መበገሲ ክትገብር ትኽእል ኢኻ:-

### 1: ተመኩሮ እንተ ዘይብልካ

- ምናልባት ጽንሰ-ሓሳባዊ (ቀለማዊ) ትምህርቲ ሃልዩካ ግን ተግባራዊ ተመኩሮ ዘይብልካ ትኸውን

### 2: ውሑድ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ: ካብ ዓመት ዚውሕድ ጊዜ ሰሪሕካ'ለኻ
- ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርካሉ ወቕቲ ፈቲንካ ትፈልጥ ኢኻ

### 3: ዘዕግብ ተመኩሮ

- ዓመት ምሉእ ከም ዝሰራሕካ ዚምስክር መወከሲ ወይ ምስክር ወረቐት ኣሎካ
- ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ኣብ ሓያሎ ኣብያተ ስራሕ ሰሪሕካ'ለኻ

### 4: ዓቢ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመኩሮ ኣሎካ
- ተግባራዊ ተመኩሮ'ሎካ፤ ብተዛማዲ ኸኣ ቀልጢፍካ ርእስኻ ክኢልካ

ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ

**5: ኣዝዩ ዓቢ ተመኩሮ**

- ከም ኣካያዲ ስራሕ: ሓላፊ ወይ ክኢላ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ
- ነቲ ስራሕ ኣብ ምውዳብን ምምዕባልን ተመኩሮ'ሎካ፤ ኣብ ምሕደራውን ኣተኣላልያን ስራሕ'ውን ተመኩሮ'ሎካ
- ኣብቲ መዳይ ስራሕ እቲ ዕማም ብኸመይ ኪዕመም ከም ዘለዎ ኣብ ምሕባር ተመኩሮ'ሎካ፤ መሳርሕትኻ ከተንጥፍን ከተተባብዕን'ውን ትኽእል ኢኻ
- ንዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/መዳያት ስራሕ/መሳርሕቲ ዘድልዩ መጋበርያታት ኣብ ምውዳብ ተመኩሮ ኣሎካ

ተመኩሮታትካ ብሰፊሕ ክትገልጽ እንተ ደሊኻ: ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቅጥዒ ዘሎ ንናጻ ጽሑፍ ዘገልግል ባዶ ቦታ ተጠቐም። ምናልባት ኣብቲ ሞያ ተመኩሮ ሃልዩካ ክነሱ ንዕኡ ዚምልከት ሕቶ ኣብዚ ቅጥዒ ርእሰ-ግምገማ'ዚ ኣይቀረበን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

ትምህርትኻን ተመኩሮታትን ብገለ ኣገባብ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ'ዶ ከተመስክር ትኽእል፧ ምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ እንተሎካ: ቤ/ጽ መራኽብቲ ስራሕ ብቤት ምኽሪ ዩኒቨርሲቲን ላዕላይ ትምህርትን (UHR, Universitets- och högskolerådet) ኣቢሉ ሰነዳትካ ኣብ ምትርጓምን ምርጣብን ኪተሓጋገዘካ ይኽእል'ዩ።

# ናይ ርእሰ ገምጋም ኣርነክ

# መሸጣን ኣብ ድኳን ኣሸያያጣይን

| ብቕዓታት/ክእለታት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕሚ ዓቢ ተመክሮ) | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. ጽቡቕ ክእለት ናይ ኣጋይሽ ኣቀባብላ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 2. ኣብ ሓደ እጸጋሚኩነታት ህድኣተይ ኣየጥፍእን ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 3. ኣብ ወጥሪ እንክለኹ ስርሐይ ክኣልይ ይኽእል | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 4. ናይ ስራሕ ሃዋህውእንታይ ከምዝኾነ ን ትሕዝቶኡን ይፈልጦ ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 5. ብናይ ሓደ ስራሕ ቦታ ሕግታት ምቕያድ ይኽእል ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| ተመክሮ | | | | | |
| 6. ንበይነ ምስራሕን ናይ ውሳኔ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 7. ምስ ካለኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 8. ኣብ ናይ ምግቢ ድኳን ኣብ መሸጣን፡ መኽዘን ከምኡ እውን ርኽክብ ምስ ዓማዊልን ኣብ ካሳን፣ ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 9. ኣብ ንእስ ዝበለ ድኳን ኣብ መሸጣን፡ ኣብ መኽዘን ከምኡ እውን ርኽክብ ምስ ዓማዊልን ኣብ ካሳን፣ ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 10. ኣብ ዕብይ ዝበለ ድኳን ኣብ መሸጣን፡ ኣብ መኽዘን ከምኡ እውን ርኽክብ ምስ ዓምዊልን ኣብ ካሳን፣ ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 11. ኣብ ዝተፈላለየ ዝሸየጥ ኣቕሑት ዘለዎ ዓብይ ቤት መሸጣ፣ ኣብ መኽዘን ከምኡ እውን ርኽክብ ምስ ዓምዊልን ኣብ ካሳን፣ ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 12. ኣብ ናይ ኣቑሑት ክፍሊት፣ ናይ ካሳ ሲስተም ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 13. ኣብ ናይ ሽርሽራ ንግዲ፣ ዝተፈላልየ ናይ ኮምፑተርን-ካሳን ሲስተም ክኣልይ ይኽእል ኢየ ። ኣየኖት ምኳኖም ኣብ ታሕቲ ጽሒፍካ ተመክሮታትካ ገምግም | 1<br>1<br>1<br>1<br>1 | 2<br>2<br>2<br>2<br>2 | 3<br>3<br>3<br>3<br>3 | 4<br>4<br>4<br>4<br>4 | 5<br>5<br>5<br>5<br>5 |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 14. ምጥቃም ናይ ካሳ ሲስተም ልምዲ የብለይን፤ እንታይ ደኣ ካሊእ ኣገባብ ምኽፋል ኢየ ተጠቂመ፡ ኣየኖት ምኳዋኖም ኣብ ታሕቲ ጽሒፍካ ተመክሮታትካ ገምግም። | 1<br>1<br>1<br>1<br>1 | 2<br>2<br>2<br>2<br>2 | 3<br>3<br>3<br>3<br>3 | 4<br>4<br>4<br>4<br>4 | 5<br>5<br>5<br>5<br>5 |
| 15. ኣቕሑት ምሻጥ ተመክሮ ስራሕ ኣለኒ፡ ንኣብነት ክዳውንቲ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 16. ኣገልግሎት ምሻጥ ተመክሮ ኣለኒ፡ ንኣብነት ናይ ገጽ ክንክን | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 17. ተምክሮ ምስ ሓድሽ ናይ ምግቢ ሸቐጣ ሸቐጥ (ንኣብነት ፍሩታን ኣሕምልትን) | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 18. ኣብ ፍሉይ ዝኾነ ሸቐጥ ንኣብነት ናይ ስፖርት ኣቕሑት፡ ዝበሰለ ካይላን ክዳውንትን | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 19. ኣቕሑት ናይ ምጥርናፍ ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 20. ናይ ኣቕሑት ናይ ምጥርናፍን ምልክት ምግባርን ዘሎ ሕጊታት ኣፍልጦ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 21. ኣቕሑት ናይ ምጥርናፍን ምልክት ምግባርን ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 22. ናይ እቲ ቅርንጫፍ ኣየኖት ሕግታትን መምርሒታን ከምዝኾኑ ፍልጠት ኣለኒ። ኣየኖት ከምዝኾኑን ገምጋም ተመክሮታትካን  ኣብ ታሕቲ መዝግብ። | 1<br>1<br>1<br>1<br>1 | 2<br>2<br>2<br>2<br>2 | 3<br>3<br>3<br>3<br>3 | 4<br>4<br>4<br>4<br>4 | 5<br>5<br>5<br>5<br>5 |
| 23. ናይ ሸቐጥ ንጥፈታት ምጅማርን ምክያድን ተመክሮ ኣለኒ፣ ንኣብነት ናይ ዕዳጋ ንጥፈታትን ወፍሪ ቅናስ-መሸጣን | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 24. ከም ሓለቓ ኾይንካ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |

Arbetsförmedlingen

ነ ዚ ሞያ ዊ-ዓውዲ ዝምልከት ኣ ብዚ ቅጥዒ ዘ ይተጠሰ ተወሳኺ እ ክለት ምስ ምህልወኩም ኣ ብዚ ጥቐስዎ::